





በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላኽ ኣሜን! ክቡር ሓው ነጋሲ ክቡራን ምእመናን ነዛ ቐሪባትልና ዘላ ሕቶ ክንምልስ እግዚኣብሄር ይሓግዘና! እንህቦ መልሲ ኸኣ ብንኡስ ዓቕምን ብሓጺርን እምበር ከም ዕምቆት ኣፍልጦ ቤተ ክርስቲያና ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኣይኮነን!

ሕቶ፡- ስእሊ ናይ ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ሓንቲ ዓይነት ኮይና ኣብታ ሓንቲ ኣጻብዑ ኣውጺኡ ትእምርተ መስቀል እተርኢ ኣብታ ሓንቲ ክልተ ኣጻብዕ ኣውጺኡ...ትኽክለኛ ዘማሓላልፍ ክንፈልጠ ዝብል'ዩ!!

ኣብዘን እንርእየን ስእሊ ናይ ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እታ ሓንቲ ኣጻብዕ ኣውጺኡ ትእምርተ መስቀል ተመልክት መግለጺ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ እያ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ምዃኑ ኸኣ ተመልክት ጎይታውን ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና ከምዝበለ (ዮሃ 10፡30) ንሕና ኸኣ ከነማዕትብ እንከለና ብኣምሳሉ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ካብ ጸጋም ናብ የማን ብ ምምልካት ነማዕትብ። እታ ክልተ ኣጻብዕ ኣውጺኡ እንከሎ ኸኣ ከም ስእሊ ኣብ ብዙሕ ቦታ ናይ ኦርቶድክስ ተዋህዶ ኣብ ኣብያተ ክርስቲያናትን ትርከብ'ያ፡ ትርጉማ ግን ከምቲ ክልተ ባህሪ ዝተብሃለ ዘይኮነ ክልተ ልቢ ኣይሃልኻ! እንደገና ዳግማይ ከምዝመጽእ መግለጺ ዝብል ትርጉም ኣብ ዝበዝሕ ዝውሃባ ስእሊ'ያ! ክልተ ባህሪ ዝብል ትሩጉም እንተ ተዋሂቡ ግን ኣብ ቀጽሪ ቤተ ክርስቲያን ውን ክቐርብ ኣይምስተገብአን!!

ክብራት ምእመናን ከም ኦርቶዶክሳውያን እታ ሓንቲ ኣጻብዕ ኣውጺኡ ትእምርተ መስቀል እተመልክት ክንጥቀም ይግብኣና፡ እታ ክልተ ኣጻብዕ ኣውጺኡ እንተ ሃሊያትናውን ዳርጋ ኩሉ

ክብሃል ይክኣል'ዩ ስእሊ ጎይታና ምኺኑ እምበር ኣጻብዑ ኣስተውዒሉ ኣብ ትንታነ ዝኣቱ ብዙሕ ኣይኮነን ! እተን ናይ ኢዱ ሽንካር ግን ዘየስተውዕለን የሎን!!

ሓደ ዓቢ ከነስተውዕሎ ዘሎና ግን ኣሎ ነቲ ዘይክዉን ክዉን ኣምሲልካ ምቕራብ ስራሕ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኣይኮነን! እስኪ መድሓፍ ቅዱስና ንመልከት ብሓቂ ከምቲ ግቡእ ድዩ ዘሎ፧ ካብ 81 ናብ 66 ኣጕዲለሞ ንሱኸኣ እናጠዋወኻ ! ንኣብነት መዝሙር 45፥16 እንተ ተመልኪትና ነቲ ኣብ ክንዲ ኣቦታትኪ ውሉድ ተወለዱልኪ፡ ኣብ ብዘላ ምድሪውን መሳፍንቲ ጌርኪ ክትሽምዮም ኢኺ" ዝብል ቃል ኣብ ክንዲ ኣቦታትካ ውሉድ ተወለዱልካ ኣብ ብዘላ ምድሪውን መሳፍንቲ ጌርካ ክትሽሞም ኢኻ " ቀይሮሞ። ኣብ 45፥9 ...እታ ንግስቲ ጽሩይ ወርቂ ተሰሊማ ኣብ የማንካ ትቐውም። ትብል ቃል ግን ክቕይርዋ ኣይክኣሉን።

ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኸኣ ነቲ ዝቖራረጽዎ መጽሓፍቲ ትጥቀመሉ'ያ መኽንያቱ ክቑጸር ዘይክእል ቃል ጎይታናን መድሓኒናን ዝሓዘ ስለዝኾነ! ጎይታና ኸኣ ቃለይ ካብ ኸሓልፍ ሰማይን ምድርን ኸሓልፍ ይቐልል ኢሉና'ዩ!! ስለዝኾነ ትርግሙ ከይተለወጠ ክንጥቀመሉ ጸኒሕና ኣብዚ ሕጂ ግዜ ኸኣ ነቲ ባዕላቶም ዝጽሓፍዎ ይቃወምዎ ኣለዉ! ብ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ተዳልዩ ተዋሂብዎም እንተ ዝኸውንከ እወንታይ ምስበሉ፧

ክቡራን ምእመናን እዛ መልሲ ዝሃብናኩም መበገሲ ክትኮነኩም ትኽእል'ያ ንኸሉ ኸኣ ሃዲእና ብትዕግስቲ እንተ ተመልኪትናዮ ግልጺ'ዩ! ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኸኣ ኣብዓለም ብ መንፈሳዊ ኣካይዳ'ምበር ብ ፖለቲክን ገንዘብን ሰለ ዘይትንቀሳቐስ ከምዚ ከጋጥማ ግድን'ዩ!!

ፍልጠትን ኣሳልጦን ክህበና ኣብ ጸሎትኩም ዘክሩና!!

ክብሪ ንልዑል እግዚኣብሄር ኣምላኽና ይኹን ኣሜን!!!

